## ሃሳስስያ ሓደ ደርፉ

ወለድና ፅውይ ውዒልካ ፅውይ እንተሓደርካ ዘይውዳእ መቐረቱ ጥዑም ለዛ ዘለዎ ዋዛ ምስቁምነገር ኣሕሊፎምልና እዮም፣ ክንደየናይ ዓቂብና ንሕናውን ንወለዶ ነሕልፎ ከምዘለና ግና እንድዒ:: ብፍላይ ከምዚ ናይሎሚ ዘበን ዝበለ ሕንግርጢጥ ፅዋ እንተጓንፎም እንተሎ ድርብይ ዘብሉዎ ብርክት ዝበለ ዋዛ ምስቁምነገር ኣለዎም:: ካሊእ ጊዜ ክንምለሰሉ ኢና::

ኣብ ስሳታትን ሰብዓታትን ዝነበረ ወድዓዊ ኩነታት ሃገርና ኣብሰማንያታትን ቴስዓታትን ምስዘሕለፍናዮ ኩነታት ኣዐሪዩ ዝተፈለየን፣ ሐዚ ኣብ ባሕቲ ሳልሳይ ሚሌንዮም ድማ ናይባዕሉ ኩለመዳያዊ ባህሪያት ሒዙ ንጉዓዝ ከምዘለናን፣ ነዚ ጉዕዞ እዚ ድማ ከምቲ ሓደ ንደርፉ ዝኾነ ሃሳስ ዲና ኣብስሳታትን ሰብዓታትን ብዝነበረና ጂኦፖለቲካዊ ኮነ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ኣረኣእያ ክንቐበሎ ወይስ ከምቲ ህልዊ ኩነታት ንዝመረተን ግዜ ንዝሓለፎን ክፉል ኣተሓሳስባና ብሓደሽቲ ምዕባለታት እናሃደስና ንህዝብናን ንሃገርናን ዝኸውንን ዝሓልይን ክንሕብር ክንገብር ይግብአና?!

ወለድና ከምዝብሉዎ ዶርሆ ብዝነቆየ ቁፅሪ ዝብህርር ፈራሕ ፈኸርኡ እውን ወትሩ ሓንቲ ኮይና ምስፅላሉቱ እናተብኣሰ ቆላሕ መናዕ ዘብዝሕ ንነፍሱ ዘይኣምና ሕልኩስ እዩ:: እሞ ኣዋርሕ ሓሊፎም ዓመታት እንተተቖፀሩ እውን እዚ ፈኸርኡ ሓንቲ ዝኾነት ፈራሕ ብጕሓቱ ንዝሓዞ ኣተሓሳስብኡ ፈፂሙ ኣይቐይርን ይብሉና ነይሮም:: ፅዋ ወለድና ሓቅነቱ ናይባዕልና ተሞክሮ የምህረና ኣሎ::

ፍልጠትን ኣተሓሳስባን ምስግዜን ዕድመን ዝምዕብልን ዝቀያየርን እምበር ከምኮክሂ ዘፍሰስካ እንተፍሰስካ ዘይሰርፆ ዘይልወጥ ክኸውን የብሉን:: በዝሒ ዶ ክብሎም ዳርጋ ብሙሉኦም ፖለቲከኛታት ሃገርና ግና ናይዕድል ይኹን ናይመርገም፣ ዓመታት ቁፅር ዉዒልካ ቁፅር እንተሃደርካ እውን ሓፊት ኣይንብልን ኢሎም፣ ሐዚ እውን ኣብ ኣተሓሳስባን ሆይ ሆይታን ስሳታትን ሰብዓታትን ተመግዲሮም ምስውሽጣዊ ሃገራዊ ጉዳይ ኮነ ምስ ጂኦፖለቲካዊን ዓለምለኻዊን ምዕባለታት ጓንዮም ይሕመሱን ይሕምሱናን ኣለው::

እሞ እቲ ኣዐሪዩ ዘግርመኒ እቶም ስኣን ትምህርቲን ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ባህሪያትን ምዕባለታትን ሃገራዊ ከባብያዊን ዓለምለኻዉን ኩነታትን፣ ካብ ስልጡንን ሕጋውን ሕገመንግስታውን መስርሕ ወፂኦም ብሓይሊ ብረት እናተኣማመኑ ናይ ዝሕንግዱ ዘለዉ ወገናት እንተይኮነስ፤ ናይቶም ዝልዓለ ብርኪ ትምህርቲ ዝጨበጡን ኣብስልጡን ዝብሃል ክፍለ ዓለም ዝነብሩን ወገናት እውን ካብቲ «መሃይም ኢኻ ንሕና ጥራሕ ኢና እንፈልጠልካ» ዝብሉዎ ህዝብና ኣብዝተሓተ ብርኪ ብስለት ኣተሓሳስባ እንትረኽቦም እንተለኹ ኣዐርዩ የግርመለይ፡፡

ብሓደ ገፅ ብሕግን ሕገመንግስትን ክንምራሕ ኢና ዝበሉ ሓይልታት፣ ንኣመራርሓ ኢህወዲግ ሓዊሱ፤ ነቲ ዝጨርሑሉን ብስም ህዝብን ሃገርን ሰማእታትን ዝማሓሉሉን መስርሕ እንትጭፍልቑን ብግብሪ እንተፍርሱን ኢሉ እውን ቀደም ተምሃሮ እናሃለዉ ብሱሳታት ንዝጨርሑዎ መርገፅ ምስህልው ኩነታት እንተየዛመዱ ንኽትግብሩ ጋዕ ገልጠም እንትብሉ ንርኢ ኣለና፤ ንዓመታት ዕድመ ወለዶታት!

ብኻሊእ ገፅ ድማ ንሕና ዝሐሽና ምሩፃትን ንፈልጠልካን ኢና፣ ናይሓድነት ናይፍትሕን ዲሞክራሲን ውሕስነት ንሕናን ንሕናን ጥራሕ ኢና ዝብሉ ዜጋታት ልዕሊ ሕግን ሕገመንግስትን ንባዕሎም ምስፋሮም ውሒጹዎም ንመንነት ህዝብታት ካብዝግህስ ዝወረደ ኣተሓሳስባን ፀርፍን ኣትሒዞም ክሳብ ናይስሳታት «ፋኖ ተሰማራ» ክዝምሩልና እንተይኮነስ ክንዝምር እንትደፍኡና እንትርኢ እንተለኹ፤ ዘግርም ዶ ዘስደምም እብል፡፡

ብቀንዲ ዘስደምመኒ ግና ኣብመሬት ኣሜሪካ ዝዕዘቦ ዘለኹ ሕብረ ባህርያትን ደንበርበርን ወገናትና እዩ፡፡ ኣዐሪዩ ዕሙቕ ዝበለ መፅናዕቲ ክድህስሶ እንተኽኣለ እምበር በዛ ሓፃር ስምዒተይ መተንፈሲት ዝበልኩዋ ፅሑፍ ክዝትየሉኳ ኣይከኣለንን፡፡ ብሓፈሽኡ ግና መቸም ኩላትና ንሰማምዐሉ ይመስለኒ፤ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ዝኸተተ ዳርጋ ኩሉ ወገን ከይደማመፅ ዝተሰማምዐ፣ ዳርጋ ኩሉ ኣነ ጥራሕ ስለዝፈልጥ ብናተይ ሓሳብን መንገድን ጥራሕ ኪድ ዝብል፣ ምክእኣል ዘይፈጠረሉ፣ ነቲ ኣብዚ እቶ ዘይብሃል ካብ ዕልኢት ዝነቐለ «ፖለቲከኛነት» ካብ ኢትዮጵያዊነት ኮነ ካብማሕበራዊ ርክቡ ፈልዩ ክርኢ ዘይኽእል እዩ፡፡ እሞ ድማ ኣብውሽጢ ማሕበረሰብ ኣሜሪካውያን እናነበረ፤ ኣሜሪካውያን ድማ «ሪፓብሊካን» ኮነ «ዲሞክራት» ዝብል ቃል ኣብ

ዝኾነ ይኹን ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ናይ ኮሚኒቲ ርክቦም ከምዘየእትው ብኣካል ተረኺቡ ብዓይኑ ዝርኢን ዝሳተፍን ኢትዮጵያዊ፣ ንወገኑ ብሓሳብ ብዝተፈለዮ ቁፅሪ ዓይንኻ ንሓመድ ምሳኻ እኽለ ማይ ከይምስስ ክብልን ክፈላለን ኢሉ እውን እዚ ነቀርሳ እዚ ናብዓዲ ውሽጢ ከመሓላልፍ ላዕልን ታሕትን ክብል ምርኣይ፣ ድንቁርና ዶ ክብሃል ወይስ እቲ ብጕሓቱ ብሱሳታት ዝሰፈረና ሕማም።

ዶላር ምቁፃር ዝሐሸ መኪና ምዝዋር ኣብዝሰልጠነ ሕብረተሰብ ውሽጢ ምንባር ብውልቁ ከምመግለፂ «ኣነ እፈልጥ» ዘብል ስልጣኔ ኣይመስለንን። እቲ ኣውራ ጉዳይ ከምቲ እትነብረሉ ከባቢ ንባዕልካ ምምስሳልን እቲ ዝሐሸ ፍልጠት ኣስተማቒርካ ንነፍስኻ ነተሓሳስባኻ ኣብምቕያር ኣብምምሕያሽ ይመስለኒ። ኣብዛ ዓዲ ዘለው ናይትምህርቲ ኮነ ናይምዕባለ ዕድላት ብኣግብባቡ ምጥቃም ምኽኣል ይመስለኒ እቲ ቀንዲ ጕርሒ። እንተዘየሎ ግና፣ ከምቲ እንዕዘቦ ዘለና እውን፣ እቲ ደፋኢ ድንኩል ምስ እንስሳ ዘቤትን ምስ ቃሎ እንተኢሉዎውን ምስ ሕምባሻ ኣብገርሁ ዝውዕል ወገና፣ ካባና ኣብዓበይቲ ከተማታት ምስዘመናዊ ቴክኖሎጂ ምስሃምበርገርን ካሊእ ጥዑምን ሃናፃይን ምግብን መስተን ካብእንውዕል ወገናቱ ብዝሐሸ ንመነባብሩኡን ንከባብያዊ ኩነታቱን ክሕብርን ክገልፅን ይኽእል፡

እሞ ካብዚ ክፍሊ ሕብረተሰብ እዚ ዝወፀ ሃይሊ እዩ ሎሚ እውን ኣብታ ጕሓት ዝፀመደላ ሱሳ ውዒሉ መሽዩዎ ዘሎን፣ ነቲ ደቂ ድኻ ሓረስታይ ነንሕድሕዱ ከቃትል ብረታዊ ቃልሲ ዝጭርሕ ዘሎ። ፍርቂ ክፍለዘበን መመላእታ ሃይሊ ብረት ከምመሪሕ መስርሕ ፍትሕን መረጋገፂ ዲሞክራሲን ገይርካ ምሕሳብ ዉነ ንዘለዎ ርእሲ ናይጥዕና ኣይመስለንን። ሎሚ ሙሉእ እንተዘይኮነ ዋላ ብዝተወሰነ መልክዑ እንተኾነ ዋጋ ዝኽፈሎ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ክተካይድ እትኽእለሉ ሃዋህው ኣብዝተፈጠረሉ እዋን «ብረታዊ ቃልሲ ንናይ ሃገርና ፖለቲካዊ ፀገማት ክፈትሕ ይኽእል እዩ» ዝብል መርገፂ ካብመንቀሊዑ ጥዕና ዘለዎ ኣይኮነን። ከምቲ ዓንዛርስያ ሓደ ደርፉ እንተዘይኮይኑ!

እሞ ድማ ቅድሚ ሰላሳ ዓመት ፋኖ ተሰማራ ኣንፃር ደርጋዊ ፋሽዝም እንትዝየም እንተሎ ሓቢሮም ዘመርቲ መሲሎም ተሓዊሶም ድሓራይ ግና «ንደርጊ ካብስልጣን ምዉራድ ማለት ንኀቦ ብገመድ ኀቲትካ ምዉጻቕ እዩ» ኢሎም ናብ ኣሜሪካን ኤውሮፓን ዝሓደሙ

ናይሎሚ «ዶካትር» «ላዕለዎት ምሁራት»፣ ደርጊ ምስወደቀ ድማ ኣቋራጭ መንገዲ ብምእማት ንስልጣን ላዕልን ታሕትን እንተበሉውን፣ እሳቶም ብዝሓሰቡዎ ጊዜን ኩነታትን ስለዘይኮነሎም ዝነውሐን ዝመረረን ሰላማዊ ቃልሲ ኣብውሽጢ ዓዲ እንካብምክያድ፣ መትከሉ ዕልኢት ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ዝኾነ ፓርቲ መስሪቶም ነታ ንሰላሳ ዓመታት ዝሓለሙዋ ስልጣን ንምርካብ፣ ሎሚ ንብረታዊ ቃልሲ ክዕድሙና ምርኣይ እቲ ኣዐሪዩ ዝተሓተ ምርኢት ይመስለኒ።

ብመሰረቱ ብረታዊ ቃልሲ ዝተማልአ ፍትሕን ዲሞክራሲን ከረጋግፅ ይኽእል እዩ ዝብል መርገፂ ይኹን ተርእዮ እንተዘይብለይ እውን፣ እዞም ናይሳልሳይ ሚሌንዬም ፋኖ ተሰማራ ኣዐሪዮም ብዝኽፍአ ብርኪ ንምውራዶም መረጋገፂ፣ እቲ ዝሓሰቡዎ ብረታዊ ቃልሲ ንፍትሕን ንዲሞክራሲን ንምርግጋፅ ዝዓለመ እንተይኮነስ፣ መስመሩ ከምዘመላኽቶን ኣብፅሑፋቶም ሰፊሩ ከምዘሎን (ናይዚ ሰሙንዚ መግለፂታት «ግንቦት ሸውዓተ» ምርኣይ)፣ ኣብውሽጢ እቲ ብረት ዝተሓንገጠ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣቲኻ ብዓሌትን ብኸባብን መቓቒልካ ነንሕድሕዱ ክዋጻእ፣ ሃገርን ህዝብን እውን ናብ ሓደጋን ኣደዳ ፀላእቲ ክወድቁ ዝኣመተ ምኽኑ እዩ።

ናይሎሚ 47 ዓመት፣ ጄነራል መንግስቱ ነዋይ ድሕሪ ናይታሕሳስ 4 ፈተነ መፈንቅለ መንግስቲ ተታሒዙ ብሃፀይ ሃይለስላሴ ችሎት ናይስቅላት ሞት እንትፍረዶ ካብዝተዛረቦ ሓደ ታሪኻዊ ቃል፣ «ኣነ ንክልተ ደቅና ንደቂ ድኻታት ከቃትል ኣይኮንኩን ዝተልዓልኩ፣ ንፍትሒ እምበር» ዝብል ይርከቦ ነይሩ። እቶም ክልተ ደቂ እኖ ደቂ ድኻታት ዝበሎም ኣካላት ሰራዊት ኢትዮጵያ ጦር ምድርን ክቡር ዘበኛን ማለቱ እዩ ነይሩ። ቅድሚ 47 ዓመታት፣ ወገን ህዝቦምን ሃገሮምን ዝነበሩ ተቓለስቲ ኣሽምባይ ንሰራዊት ሃገርና ብዓሌትን ብከባብን ፈላልዮም ከናቑርዎን ከቀታትሉዎንስ ክንዲዚ ዝኣክል ክብሪ ሰራዊት ፍቕሪን ሓልዮትን ህዝቦምን ሃገሮምን ነይሩዎም።

ድሕሪ 47 ዓመት እንሪኦም ዘለና ላዕለዎት ምሁራት ኢና በሃልቲ «ኮማንደራት ግንቦት ሸውዓተን» መመሳስልቶምን ግና ንባዕሎም ሞቃ ዕገዖም ሒዞም ንደቂ እኖ ንደቂ ድኻታት ከቃትሉ ተላዒሎም፣ ትግራዋይ ንልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ዝኣክል ወተሃደር ኮይኑ እቲ ክቡር ህይወቱ ከፊሉ ኣብናይኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ቃልሲ ሽምዓ ኮይኑ ደቁ

ስለዝገበረ፤ ብህይወት ንዝተረፉ በዝሒ ተጋሩ ወተሃደራት እናረቑሑ ኣፎም መሊኦም ነቲ ካሊእ ዘርኢ ኢትዮጵያዊ ሰራዊት ኣብልዕሊ ሓዉ ትግራዋይ ሰራዊት ንኽልዓል ናይ ዓቕሊ ፅበት ፃዉዒት ይገብሩ ኣለዉ። ዝኾነ ይኹን ሕመቕ መንግስቲ ንዝበሉዎ ኩሉ እናመዘዙ ኣብልዕሊ ተጋሩ ይጥቅኑዎ ኣለዉ። ሓቂ ክንፀዊ ምደለና ነይርና፣ ብናይእማን ኣውራ ተረባሓይ መንግስቲ ኢህወዲግ መን እዩ ኢልና እንተጠይቕና እቲ ውሽጡ ካልእ እዩ። ኣውራን በዝሕን ኣፈፃሚ ኣካል መንግስታዊ መሓውራትከ ብእኒመን ይምራሕ ኣሎ እንተተባሂሉ ብተጋሩ ከምዘይምራሕን ኣውራ ተረባሕቲ ዝኾንኩም እስኻትኩም እትፈልጡዎ ሓቂ እዩ። ህዝቢ ትግራይን ደቁን እማ ሱቕ ኢሉ ተመልካቲ ኮይኑ ኣሎ። ወራርን ኲናትን እንተሃልዩ ንመስዋእትነት ቀዳሞት ተፀዋዕቲ፣ ብብቕዓትን ኣገልግሎትን ንዝርከብ ወተሃደራዊ ብርክታት ስልጣን እንትረክብ ድማ ዘይስሙ ሱም እንትውሃብ ንዕዘብ ኣለና።

ከምቲ ብርሃኑን ኣንዳርጋቸውን ሓለፍነት ብዝጐደሎ ኣገላልፃ ትግራዋይ ኣባል ታሕተዋይ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር «ንኻልኦት ዘርኢ ኢትዮጵያውያን ሳዕለዎት መኰንናት ኣይእዘዝን» ኢሎም ዝጠቀኑሉ እንተይኾነ እቲ ዓለም ዝፈልጦ ሓቂ፤ ትግራዋይ ኣባል ሰራዊት ንዝማረኾም ወተሃደራት ደርጊ ወተሃደራዊ ሳይንስ ኣምሂሩ ጄኔራላቱን መራሕቱን ገይሩ ዝስይምን ኣብየትም ክፍለዓለም ዘይትርአየ ንስብእንኡ መዐቀኒ ዘይብሉ ሃገራዊ ሃርበኛ ምኳኑ እዩ። ትግራዋይ ንኽቐትሉዎ ዝተዋግኡዎ ሓይልታት ምስማረኸ ዘርእን ሃይማኖትን እንተይፈለዩ ኣሕዋት ኢና ኢሉ ዝሕብሕብ ውፁዕ ኢትዮጵያዊ እዩ። ዋላኳ ኣሕዋተይ ብዝበሎምን ደቀይ ብዝብሎም መራሕቱን ናይኢዱ እንተዘይተፈደየ እውን፤ ትግራዋይ መፈጠርቱን ካብወለዱ ዝወረሶን ንፍቕሪ ኢትዮጵያ ሃገሩ ብዘይ ሰጋእ መጋእ ህይወቱ ዝኸፍልን ናይእማቱ ዘይጥምት ብፅፍሩ ዝነብር ሃይማኖተኛ ሓቀኛ ኩሩዕን ዘኩርዕን ኢትዮጵያዊ እዩ። በይዛኻትኩም ኣይትተናኸፉና ከይተፅውዩና! ሱቕ ናይዝበልና ኢልኩም ኢልኩም ድማ ንተጋሩ ክተፋራርሑናን መጠንቀቕታ ክትህቡናን እውን ኣኽኢሉኩም። «እቲ ውሽጡ ዘይተፈለጠ ኣብውሽጢ ከብደይ ዝተዓበጠ» ከምዝበሎ ነፍስሄር ኪሮስ ኣለማየሁ ሱቕ ንበል።

ምስዝኸበረ ሰላምታ

ካሳ - ግንቦት 2001 ዓ.ም.